ዝኸበርኩም ወለዲ ወይ ሞግዚት፥

ካብ 2 ለካቲት ክሳብ 11 መጋቢት ኣብ ዘሎ እዋን ዓልኩም/ወድኹም ኣብ ቋንቋ እንግሊዝ ክእለቶም ከመይ ይስጉሙ ከምዘለው ንምግምጋም ናይ ምስማዕ፣ ምዝራብ፣ ምንባብን ምጽሓፍን ፈተና ክወስዱ ኢዮም። ውጺኢት ናይ'ዚ ፈተና ድማ ንደቅኹም እንታይ ዓይነት ሓገዝን ኣብ ምንታይ ዘተኮረ ሓገዝ ክዋሃቦም ከምዘለዎ ንቤት ትምህርቲ ዝእንፍት ኢዩ። ብተወሳኺ እዚ ፈተና ሓደስቲ ተማሃሮ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ክእለት ኣብ ምምዕባል ማለት ኣብ መዳይ ምዝራብ፣ ምንባብ፣ ምጽሓፍን ምርዳእን ክፍሊ ኣብያተ ትምህርቲ ስያትል ዝገበሮ ኣበርክቶ ዝግምግም ኢዩ።

እዚ ፈተና ንኹሎም ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ሓገዝ ዝግበረሎም ተማሃሮን ነቶም ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ሓገዝ ክግበረሎም እናተገበአ ብድሌት ናይ ወለዲ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ሓገዝ ዘይዋሃቦም ዘሎ ተምሃሮ ዝዋሃብ ፈተና ኢዩ።

ስለዚ ኣብ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ እዋን ደቕኹም ነዚ ፈተና ክወስዱ ንቤት ትምህርቲ ከምዝኸዱ ንክተረጋግጹ ብትሕትና ንሓትት።

ውጺኢት ናይ'ዚ ፈተና ድልው ምስ ኮነ ድማ ናይ ዓልኩም/ወድኹም ሓፈሻዊ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ደረጃ ክእለትን ሓፈሻዊ ውጺኢት ከምኡ'ውን ናይ ነፍስ ወከፍ ውጺት ኣብ ናይ ምዝራብ፣ ምስማዕ፣ ምንባብን ምጽሓፍን ዝረኸቡዎ ብፖስታ ክንልእኸልኩም ም኿ና ንሕብር።

ንናይ ደቕኩም ምምዕባል ምሳና ሓቢርኩም ብምስራሕኩም ነመስግን።

የቐንየልና፣